# ዝምድናታት ኣህዛብን ሃገራትን ውድባትን

ኣብ'ዛ ዓለም ንበይንኻ ተነጺልካ እትሰርሖ ነገር የለን። ዝምድና ሃገራትን ውድባትን ክንብል እንከሎና እቲ ጠማሪ ሓሳብ ዝምድና ህዝብታት ማለት እዩ። ምኽንያቱ ሃገራት ይኹና ውድባት ምትእኽኻብ ናይ ሰባትን ኣህዛብን ስለዝኾና።

ሰብ ንኽነብር መጀመርታ ውሕስነት ናይ ህይወቱ ዝኾነ ሰላም የድልዮ። ብዘይ ሰላም ንክትምዕብልን ንክተፍርን ብዙሕ ጸገማት ስለዘጋንፈካ፣ዋላ እንተፍረኻውን ነቲ ፍርያትካ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕብረተሰብ ዓለም ንነዊሕ ዓመታት ሰላምን ቅሳነትን ንክረክብ ብዙሕ ጻዕሪ ኣካይዱ እዩ። ብሰንኪ ዘይምርድዳእን ውልቃዊ ረብሓታት መሳፍንትን ሃጸያውያን ገበትን ዓለምና ብዙሓት ኣዕነውትን ቀዘፍትን ውግኣት ተራእዮም እዮም። ኣብ ታሪኽ ዓለም ካብ 3400 ዓመታት ውግኣትን ዘይተኻየደን 261 ዓመታት ጥራሕ ብሰላም ሓሊፉን።

ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ እቲ ንኣስታት 80 ዓመታት ዝቀጸለ ናይ ዕንወትን ቅዝፈትን ሃይማኖታዊ ኩናት ኣብ ኤሮጳ ቀዳማይ ኣብ ውሽጢ ሮማዊ ግዝኣት ኣብ ሞንጎ ስፐይንን ዳች (ሆላንድ) ኣ ውስትርያን ካብ 1618-1648 ዝነበረ ካልኣይ ድማ ካብ 1568-1648 ብዙሓት ሃገራት ማለት እንግሊዝን፣ ፈረንሳን ሽወደንን ጀርመንን ስፐይንን ፖርቱጋልን ዝተሓወስኦ ንሰማንያ ዓመታት ዝቀጸለ ኣዕናዊ ኩናት ብውዕል ወስትፋልያ ዝፍለጥ ነዚ ኩናት ጠጠው ንምባል ዝተገብረ ስምምዕ ከም እምነ ኩርናዕ ዶባዊ ልዕላውነትን ናይ ዓለም ግዝኣታዊ ሕጊ ንኽኽበርን ሰብ እምነቱ ከይክልከልን ዘፍቀደ መበገሲ ተዛማዲ ሰላም ዝኾነሉ እዩ።

ዋላኳ እዚ ስምምዕ ተዛማዲ ሰላም እንተምጽኤ ኩናት ግን ካብ ገጽ ምድሪ ክሳብ ሕጂ ኣይጠፍኤን። ብድሕሪዚ'ውን ቀዳማይን ካልኣይን ውግእ ዓለምን ናይ ቬትናም ኩናት፣ ናይ እስራኤልን ዓረብን ኩናት፣ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ኩናትን ቆጺርካ ዘይውድኡ በብግዚኡ ኩናት ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ሓደ መዋእል ሰላም ዘሰኣነ ህዝቢ እዩ። እቲ ዝኸፍኣን ዝመረረን ግን ኣብ ዝሓለፈ ሰሳ ዓመታት ዝነበረ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቁጠባውን ሃስያ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘሕደረ እዩ። ስለዚ ጭቆናናን ምዝመዛን እንተሃልዩ ስውራ ክብገስ ግድን ስለዝኾውን ህዝቢ ኤርትራውን ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወርድ ዝነበረ ኣደራዕ ንክምክት ብረታዊ ቃልሲ ከካይድ ግድን እዩ ነይሩ።

ሰውራ ኤርትራ ክብገስ እንከሎ ብሃገራዊ ስምዒት ተደሪኹ እዩ ተበጊሱ። ኣብ'ቲ ናይ መጀመርታ ሸውዓተ ዓመታት ብዘይ ንጹር ፖለቲካዊ ዕላማታት ብምብጋሱ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ሓጎጽገጽ ኣጓኒፍዎ እዩ። ምስ ግዜ ብዙሓት መሁራታትን ብኣታታት  ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኣብ'ቲ ቃልሲ ክውሕዙ ምስ ጀመሩ ንዕላማ ሰውራ ኤርትራ ካብ ጸቢብ ሃገራዊ ኣተሓስስባ ወጺኡ ኣካል ናይ ዓለምለኻዊ ሓርነታዊ ምንቅስቃስ ንክኸውን ኣብ ዕላማታትን መትከላትን ናይ ሰውራ ብብግዚኡ እንዳ ተመሓየሸ ክምዝኸይድ ጌሮሞ።

ሓደ ካብ'ቲ ዓበይቲ ኣዕኑድ ዕላማታት ሰውራ ኤርትራ ፈተውትናን ጸላእትናን መን እዮም ዝብልን ከምኡውን ኣፈታትሓ ግርጭታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ዓለምለኸን ከመይ ክኸውን ከምዘለዎ ኣገዳሲ እምነኹርናዕ ናይቲ ቃልሲ ኣንቢሮሙሉ።

ኣብ ታሪኽ ናይ ዘልኣለም ፈታዊ ወይ ናይ ዘልኣለም ጸላኢ ከምዘየለ ካብ ታሪኽ ክንዕዘቦ ንክእል ኢና። ኤሮጳውያን እንተሪኢናዮም ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ንልዕሊ ሰማንያ ዓመታት ነንሕድሕዶም ተዋጊኦም፣ ተመሊሶም ሰላም ጌሮም ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውግእ ዓለም እንደገና ተደጋጋሚ ኲናት ኣካይዶም፣ ሎሚ ድማ ብሓባር ኮይኖም ኣንጻር ሩስያ ሓውሲ ኲናት የካይዱ ኣለዉ። ፈተውትናን ጸላእትናን ክንብል እንከሎና ተዛማዲ ኣምር ኮይኑ ብግዜን ዕላማን ዝውሰን እዩ።

ኣፈታትሓ ግርጭታት ብባህርያቶም ገሊኦም ብቀጥታ ኣብ ተጻራሪ ግርጭት ዝኣትዉ ቀዳማይ ደረጃ ዝሕዙ እንከለዉ ገሊኦም ድማ ዘይተጻረርቲ ግርጭት ተባሂሎም ካልኣይ ደረጃ ይሕዙ። ኣብ ሓደ እዋን ካልኣዊ ወይ ዘይተጻራሪ ግርጭት ዝነበረ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ቀዳማውን ተጻራሪ ግርጭት ይኸውን። ንግርጭታት ብደረጃታት ምፍላዮም ኣብ ሓደ እዋን ጸላእቲ ከይተብዝሕን

ደረጃ ብደረጃ ነቲ ግርጭት ንምእላይን ሚላውን ስትራተጂካውን ኣተሓሕዛ እዩ።

ኣብ መንን ስውራ ኤርትራን መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያን ተሓባበርቶምን ዝነበረ ግርጭት ቀዳማውን ተጻራርን ግርጭት ስለዝነበረ ብሓይሊ እንተዘይኮይኑ ብሰላም ዘይፍታሕ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ፍትሓዊ ኲናት ኣንጻር ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይነበረን። ህዝቢ ኢትዮጵያ መሳርሒ ናይቶም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ መሳፍንቲ ኣምሓራን ዲሒሩ ዝመጸ ወተሃደራዊ ጉጅለ ደርግን ምስ ኩሎም ተሓባበርቶም ብኣሜርካ ዝምራሕ ሃጸያዊ ደንበን ብማሕበራውነ-ሃጸይነት ሶቭየት ሕብረት ዝምራሕ ሓይልታትን እዩ ነይሩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ንባዕሉ በቶም ዝነበሩ ስርዓታት ኣዝዩ ዝተበደለን ዝሳቐን ዝነበረ ህዝቢ እዩ። እንተኾነ በቲ መንግስታዊ ማሓውራት ዝግበረሉ ጎስጓሳት መሳርሒ ኮይኑ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ተዋጊኡ እዩ። እዚ ኣብ ኤርትራ ዝዋጋእ ዝነበረ ሰራዊት ካብ ብሄረ ኣምሓራ ጥራሕ ኣይነበረን። እቲ ሰራዊት ካብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተዋጽኤ ብዝሒ ናይ ኦሮሞን ኣምሓራን ዝነበሮ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒ ብትእዛዝ ናይቲ ስርዓት ኮይኑ ብኣምሓራ ጥራሕ ዝተፈጸመ ኣይኮነን።

ኣብ ግዜ ሃይለስላሰን ደርግን እቲ ዝበዝሕ ናይ ስለላ ማሓውር ኣብ ኤርትራ ብትግራዎት እዩ ዝካየድ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ደርጊ ኣብ ከተማ ኣስመራን ኣብ ገለ ገጠራት ናይ ከበሳ ዝፍጸም ዝነበረ ቅትለት ከም በዓል ጸጋልዑል ዝብሃል ዝመርሖ ናይ ተጋሩ ጉጅለ እዩ ነይሩ።

ዕላማ ናይ'ዚ ጽሑፍ ነቲ ኣብ'ዚ እዋን በቶም ዝቦኽቦኹ ተረፍ መረፍ ጀብሃ ዝንዛሕ ዘሎ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ሻዕብያ ምስቶም ትማሊ ዝሓርዱኻ ዝነበሩ ኣምሓራ ኣብ ልዕላውነት ኤርትራ እምነት ዘይብሎም ሓቢሩ ኣንጻር'ቲ ናይ ኤርትራ ነጻነት ዝኣመነ ወያነ ትግራይ ይዋግኡ ኣለዉ ንዝብል ሙጉት መልሲ ንምሃብ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ቃልሲ ኣንጻር ስርዓታት ድኣ'ምበር ኣንጻር ኣህዛብ ኣይነበረን። መስፍናዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ሳላ ደርጊ ካብ ኢትዮጵያ ተጸሪጉ ጠፊኡ እዩ። ስርዓት ደርጊ ድማ ሳላ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ምስ ውጹዓት ኣህዛብ ኢትዮጵያ ብዝተኻየደ ተጋድሎ ካብ ሱሩ ተበንቊሱ እዩ። ናይዞም ዝሓለፉ ክልተ ስርዓታት ኣተሓሳስባ ዝሓዙ ውልቀሰባት ግን ክህልዉ

ግን ዘገርም ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ሚእቲ ሚልዮን ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ እንተሃለዉ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይኮነን።

እቲ ትማሊ ብስም ነጻነት ኤርትራ ዝማጻደቕ ዝነበረ ወያነ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ክይዋጋለ ከይሓደረ ነጻነት ኤርትራ ንምጥፋእ ብኡ ንብኡ ብጎዲ ሙርግን ባድመን እዩ ጀሚርዎ። ሕጂ'ውን ኤርትራ ኣካል ትግራይ ኢያ እንዳበሉ ዘካይድዎ ዘለዎ ወተሃደራዊ ወራርን ጸሓፋትን መገጽታትን መራሕቲ ወያነ እቲ ቀደም ዝበልዎ ካብ መትከላዊ እምነት ከምዘይኮነ ዘረጋግጽ እዩ፣ እንተ ምስ ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ ምስ ኣምሓራን ኦሮሞን ተጋሩን ብፍላይ ብሓባር ምቅላስ ሕጂ ዝጀመረ ዘይኮነስ ህዝባዊ ግንባር ምስ ተወልደ ብድሕሪኡ'ውን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ምስ ወጹዓት ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓባር ክሰርሕ ዝተወሰነን ዝተሰርሓሉን እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ኩለን ውድባት ምስ ኣምሓራይ ይኹን ትግራዋይ ክሰርሓ ከምዘይጸንሓ ሕጂ ከም መፈራርሒ ምስ ዝሓረደካ እናተባህለ ዝካየድ ዘሎ ፕሮፖጋና ምልክት ፍሽለት ናይ ሃሱሳት እዩ።

ግርማይ የማነ

ርያድ ሰዑዲ ዓረብ 24/03/2022